ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስቲያን ኤርትራ ERITREAN ORTHODOX TEWAHDO CHURCH

## መግለጺ ቅዱስ ሲኖዶስ

ዕለት Date ፪ ነሓሰ ፳፻ወ፰ ዓ/ም (08/08/2016)
ቍጽሪ No.

"ሣህል ወርትዕ ተራከባ፡ ጽድቅ ወሰላም ተሰዐማ/ ምሕረትን ሓቅን ተራኸባ፡ጽድቅን ሰላምን ተሰዓዓማ" መዝ. (፹፬) 85፡10

ሰላምን ምሕረትን እግዚአብሔር ዝፈትዎ፣ ደቂ ሰባት ዝሠምሩሉ፡ መሠረት ሓድነት ቅድስት ቤተ ክርስቲያን እዩ። ነዚ ሓድነት'ዚ ንኽዕቅብን ንድኅነት ቤተ ክርስቲያን ከብልን ቅድሚ ዓሠርተ ዓመት ቅዱስ ሲኖዶስ፡ በቲ ዝረኸቦ ጉድለት ንሣልሳይ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ካብ መዓርጎም ስዒሩ ካብ መንበሮም ከምዘውረዶም ይዝከር።

በብእዋኑ ምእንቲ ሰላምን ምሕረትን ቤተ ክርስቲያን፡ ቅዱስ ሲኖዶስ ኮነ ኩሎም ኣካላት ቤተ ክርስቲያንን መንግሥትን በብዝከኣሎም ክጽዕሩ እኳ እንተ ጸንሑ ኣብ መደምደምታ ግና ክብጽሕ ኣይተኻእለን ነይሩ።

'ጊዜ ገቢር ለእግዚአብሔር' እዩ እሞ እንሆ እዚ ብቅዱስ ሲኖዶስ፡ ብሥምረት ገዳማት፣ ብጉባኤ ሊቃውንት ከምኡ'ውን ብዝምልከቶም ኣካላት ክጸዓረሉ ዝጸንሐ ጉዳይ ብዘሕጉስ መንገዲ ኣብ መደምደምታ ምዕራፍ ሰላም በጺሑ ምህላዉ ነበሥር። ድኅሪ ዝተገብረ ነዊሕ ዝርርብን ዓሚቕ ዘተን ባዕሎም ኣቡነ እንጦንዮስ፡ ነቲ ቅድሚ ዓሠርተ ዓመት ፓትርያርክ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን ዝፈጸምዎን ምኽንያት መውረዲኦም ዝኾነን ጌጋታት ሓደ ብሓደ ብምጥቃስ "እዚ ኩሉ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ብፍላጥ ይኹን ብዘይ ፍላጥ ዝገበርክዎ ጌጋ ምኳኑ እናገለጽኩ ንቅድስት ቤተ ክርስቲያንን ንቅዱስ ሲኖዶስን ብልቢ ይቕሬታ እሓተሉ" ብምባል ብቓልን ጽሑፍን መረጋገጺ ንኹሎም ዝምልከቶም ኣካላት ከፍልጡ ከለዉ፡ "ብፍቕርን ስኒትን ኃቢረ ኪጓዓዝ ፈትየ ብምሉእ ልበይን ድሌተይን ይቕሬታ ዝሓተሉ ዘለኹ ምዃነይ ደጊመ ብዝተለምደ ከታመይ እረጋግጽ" ብምባል ሓቀኛ ኣቢታዊ ተግባር ፈጺሞም።

ቅዱስ ሲኖዶስ ድማ መፍቀሬ ምሕረት ብምዃኑ ናቶም ይቕሬታ ተቐቢሉ፣ ንእኦም ኣብ ጉባኤኡ ብኹብረ ኣጸዊኡ ምስ ኣባላቱ ልቢ ዝትንክፍ ናይ ሰላምን ፍቕርን ይቕረታን ምሕረትን መንፈሳዊ ተግባር ፈጺሙ።

እዚ ፍጻሜ'ዚ፡ ንሓድነት ቤተ ክርስቲያን ዘጽንዕ፡ ንምእመናንን ምእመናትን ዝጥርንፍ ኣብ ታሪኽ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ እናተዘከረ ዝነብር ዓቢይ ግብሪ ክኸውን ከሎ፡ ብኣንጻሩ ነቶም ሰላምን ሓድነትን ቤተ ክርስቲያን ዘይደልዩ ንኅቡእ ኣጀንዳታቶም መጋበርያ ከኾኖም ንሕዝበ ክርስቲያን ኪኸፋፍሉ ዝጸንሑ ኣካላት ግና ጉዶም ዘቃልዕ እዩ።

ብዓቢኡ ድማ እዚ ፍጻሜ'ዚ፡ ቅድስት ቤተ ክርስቲያን በዚ ተበጊሳቶ ዘላ ሓድሽ እማመንን ጉዕዞ ትንሣኤን ንኹሉ ውሽጣዊ ጉዳያታ፡ ንገዳማታን ሊቃውንታን ብሓፈሻ ንኹሎም ደቃን ኣወሓሒዳ ባዕላ ናይ ምርኣይን ጸገማታ ናይ ምፍታሕን ምሉእ ዓቕሚ ከምዘለዋ ዘመልከት እዩ።

ኣብዚ ብመራሕነት ቅዱስ ሲኖዶስ ዝተገብረ ጻዕሪ ምስኡ ሠሚሮም ዝጸዓሩ ሥምረት ገዳማትን ሊቃውንት ሃገርናን ካልኦትን ምስጋናኡ እናቕረበ፣ ከምኡ'ውን ነቲ ብመንግሥታዊ ኣካል ዝተገብረ ኩሉ ዓይነት ምድግጋፍ ዘለዎ ኣኽብሮት እናገለጸ ንኩሎም ኣብ ውሽጥን ወፃእን ዘለዉ ሥዩማን ውሉደ ክህነትን ምእመናንን ምእመናትን 'እንቋዕ ሓጐሰና' ይብል።

ኣብዚ እግዚአብሔር፡ ብጸሎትን ቃል ኪዳናን ቅድስት ድንግል ማርያም ንሃገርና ብዝናመ ምሕረትን ብጠለ በረኸትን ዝባርኸሉ ዘሎ ምእታው ዘመነ ሱባኤ ፍልሰታ ለማርያም ኢና ዘሎና እሞ፡ ኣዕዚዙ ጸጋኡ ከብዝኃልና ንእግዚአብሔር ኣበርቲዕና ከንልምኖ እናዘኻኸርና፣ ተወሳኺ ሓበሬታ ድኅሪ ሱባኤ ከንቕርበልኩም ምዃኑ ነፍልጥ።

እግዚአብሔር ሰላሙ የብዝኃልና።

ቅዱስ ሲኖዶስ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ

ኣሥመራ - ኤርትራ

፪ ነሓሰ ... (08/08/2016)

ቴሌ Tel. 182098 - 186544 - 182116 Fax 291-1-182195 ቍ.ሳ.ጸ. P.O.Box 728 Asmara -Eritrea